ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ — الحركة الشعبية الاريترية

**Eritrean People's Movement**

## ምሕጽንታን ጻዊዒትን ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ።

ኦ! ህዝቢ ኤርትራ ነበርቲ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ። ኩላትና ከም እንዝክሮ ኤርትራ ሃገርና ድሕሪ ናይ ሓደ ዘመን መሪር መግዛእቲ ብመስዋእቲ ዓሰርተታት ኣሽሓት ብሉጻት ደቃ መሬታዊ ናጽነት ኣብ 1991 ተረጋጊጹ'ዩ። ይኹን'ምበር እዚ ኹሉ ዝተኸፍለ ዋጋ ብሰንኪ'ቲ መብጽዓ ጠሊሙ ንሃገርና መንገዲ ብርሰትን ዕንወትን ንኽትከይድ ዝመረጸ ጃንዳ ተመሪሓ ኣብ ደንደስ ጸድፊ ኢያ ትርከብ ዘላ። ካብዚ ብምብጋስ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ቅድሚ ኹሉ "ሃገራዊ ደሕነት" ዝብል መርሆ ኣልዒሉ ምስ ኩሎም ተቓወምቲ ሓይልታትን በርጌሳውያን ማሕበራትን ብምስናይ ዝቃለስ ዘሎ ውድብ ኢዩ።

ዝኸበርኩም ህዝቢ ኤርትራ ነበርቲ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣብዚ ኣሰካፍን ሓደገኛን መድረኽ ምሕጽንታናን ጻዊዒታናን ከነቕርብ እንከለና፡ ጃንዳ ህግደፍ ልዕሊ ኹሉ ምስ ህዝቡ ድሒሩ ክኣ ምስ ጎረባብቱን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ተባኢሱ ምስሊ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዓለም ደዊኑ ይርከብ። ብሰበቡ ክኣ ኩነተ-ህላወ ሃገርና ትስሕትዎ ኣይመስለናን። ካብዚ ተበጊስና ኢና እምብኣር ነዚ ንጥፍኣትና ከይሰልከየ ዝሰርሕ ዘሎ ጃንዳ ሃየ ብሓባር ኴንና ሓሕ ንበሎ ንብል ዘለና።

ስለዚ እዚ ብስም "መኸተ" እባ ሃየ "ፈስቲቫል" እባ እናተባህለ ኣብ ልዕሊ መቓብር ሰማእታትና ዝግበር ዘሎ ኣሽካዕላል ብቐንዱ ንምስሉ መመላኽዕን ልዕሊ ኹሉ ኽኣ ነቲ ንሂሉ ዘሎ ቁጠባዊ ሰረቱ ቁሩብ እስትንፋስ እንተሰኾዐ ኢሉ ዝገብሮ ዘሎ ዳንኬራ ስለ ዝኾነ ሃየ! ብሓባር ንቃወሞ። እዚ ምስ እንገብር ሕድሪ ሰማእታትና ይኽብር፡ ሕልናና ክኣ ይቐስን።

ዓወት ወይ ሞት!
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
ጨንፈር ዓባይ-ብሪጣንያ።